# እንቋዕ ናብ መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ብደሓን መጻእኩም

**ናይ 2024 ሕታም** - ቋንቋ ትግርኛ

ውላድኩም፡ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዝርከብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃር ጀሚ ኣሎ። እዚ በራሪ ጽሑፍ፡ እዚ ቤት-ትምህርቲ ብኸመይ ከምዝሰርሕን ከመይ ገይሩ ንዓኹም ተግባራዊ ዝኾነ ሓበሬታ ከምዘስንቐኩምን ዝሕብር እዩ።

መባእታዊ ትምህርቲ፡ ዜጋታት ጽባሕ ዝምልመልሉ መስርሕ ቀዳማይ ስጉሚ እዩ። ተማሃሮ፡ ንኹሉ ሰብ ክፉትን ኣነቓቓሕን ኣብ ዝኾነ ሃዋሁ፡ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ፍልጠትን ክእለትን ከማዕብሉ ይኽእሉ።

እቲ ናይ መወዳእታ ገጻት ናይ'ዚ በራሪ ጽሑፍ'ዚ፡ ከምኡ'ውን እቲ ምስኡ ዝተኣሳሰር ቪድዮ፡ ንቀዳማይ ዓመት ናይ መባእታ ትምህርቲ (1P) ኣመልኪቱ ብፍሉይ ዝተዳለወ እዩ።

ነዚ ሊንክ ከፊትኩም ብምርኣይ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡-

**edu.ge.ch/qr/bienvenue**

REPUBLIQUE
ET CANTON
DE GENEVE
POST TENEBRAS LUX

# ኣብ ጀነቫ ዝውሃብ ግዴታዊ ትምህርቲ

ኣብ ጀነቫ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣውራጃ ንዝነብሩ እሞ ዕድሚኦም ቅድሚ ምጅማር ዓመተ-ትምህርቲ፡ ማለት ክሳብ 31 ሓምለ፡ 4 ዓመት ንዝመልኡ ቆልዑ ይቕበላ።[1]
ክልተ ነናይ ኣርባዕተ-ዓመት ዙርያታት የጠቓልል፦

- ዙርያ መባእታ ትምህርቲ (ካብ 1P ክሳዕ 4P)፡ ካብ 4 ክሳብ 8 ዓመት ንዝዕድሚኦም ተማሃሮ፡
- ዙርያ ማእከላይ ደረጃ (ካብ 5P ክሳብ 8P)፡ ካብ 8 ክሳብ 12 ዓመት ንዝዕድሚኦም ተማሃሮ።

ብመሰረት ሕጊ ጀነቫ፡ ሓደ ሰብ ዕድሚኡ 18 ዓመት ክሳብ ዝመልእ፡ ትምህርቲ ክመሃር ግዴታ እዩ። ናይ መላለዪ ዙርያ (cycle d'orientation) ምስተዛዘመ፡ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክፋል II ይቕጽል።

# ናይ ትምህርቲ ህይወት

## ሰሌዳ ግዜ ንጥፈታት

**ካብ 1P ክሳብ 4P**፡ ተማሃሮ፡ ኣርባዕተ መዓልትታት ኣብ ሰሙን (ሰኑይ፡ ሰሉስ፡ ሓሙስን ዓርብን)፡ ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቐ. ክሳብ ሰዓት 11:30 ቅ.ቐ.፡ ከምኡ'ውን ካብ ሰዓት 1:30 ድ.ቐ. ክሳብ ሰዓት 4:00 ድ.ቐ. ይመሃሩ።[2]. ካብ 1P ክሳብ 2P፡ ተማሃሮ፡ ኣብ ናይ ቅድሚ-ቐትሪ እዋን፡ ክሳብ ሰዓት 8:45 ቅ.ቐ.፣ ኣብ ናይ ድሕሪ-ቐትሪ እዋን ድማ ክሳብ ሰዓት 2:00 ድ.ቐ. ናብ ክፍሎም ክኣትዉ ይኽእሉ። ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትርን ድሕሪ-ቐትርን ምዱባት ሰዓታት ዕረፍቲ ኣለዉ። **ካብ 5P ንዳሓር**፡ እንተላይ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀቐሪ ናይ ረቡዕ ትምህርቲ ኣሎ።

ኣብ ሰዓታት ትምህርቲ፡ መምህራን ምሉእ ሓላፍነት ናይ ተማሃሮ ይወስዱ። ካብ ሰዓታት ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ግዜ ድማ ወለዶም ምሉእ ሓላፍነት ይወስዱሎም።

ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ ምርግጋጽ ተሳታፊነት ተማሃሮ ግዴታዊ እዩ (እንተላይ ኣብ እዋናት ዙረትን ኣብ'ቶም ኣብ ሰዓታት ትምህርቲ ዝውደቡ ንጥፈታትን እዩ)። ሃንደበታዊ ብኹራት ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ብኽብረትኩም ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ንቤት-ትምህርቲ ሓብሩ። ንዝኾነ ካልእ ኩነታት ብዝምልከት፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ተዘርዚሮም ንዝርከቡ መምርሒታት ክትውክሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ንነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም፦ edu.ge.ch/primaire (Démarches parents - Absence ዝብል ክፋል) ክፊትኩም ርኣዩ

## ናይ ድሕረ-ትምህርቲ ክትትል

ካብ ሰዓታት ትምህርቲ ወጻኢ፡ ደቕኹም ብሞያውያን ብዝቔመት ጉጅለ ምክትታል ንጥፈታት ድሕረ-ትምህርቲ ክትትል ክግበረሎም ይኽእል እዩ፦

- ካብ ሰዓት 11:30 ቅ.ቐ. ክሳብ ሰዓት 1:30 ድ.ቐ.፡ ንኽምስሑን ክሳብ ናብ ክፍሊ ዝምለሱ ገለ ንጥፈታት ንኸሰላስሉን፡
- ካብ ሰዓት 4:00 ድ.ቐ. ክሳብ ሰዓት 6:00 ድ.ቐ.፡ ጠዓሞት ንኽበልዑን ገለ ንጥፈታት ንኸሰላስሉን።

ናይ ድሕረ-ትምህርቲ ክትትል፡ ብመገዲ GIAP (ሕድሕዳዊ ኮማዊ ማሕበር ንጥፈታት ድሕረ-ትምህርቲ) ከምኡ'ውን ብምምሕዳራት ከተማ ይውደብ። ናይ ድሕረ-ትምህርቲ ክትትል፡ ገንዘብ ዝኽፈሎ ኣገልግሎት እዩ።

መዓልቲ ናይ ድሕረ-ትምህርቲ ክትትል ብልክዕ እንታይ ይመስል፡ giap.ch/parascolaire

ምዝገባ፡ ኣብ ፕላትፎርም my.giap.ch ይካየድ (ብዛዕባ ግዜ ወግዓዊ ምዝገባን ካልእ ሓበሬታን ኣብ giap.ch ወይ ብቝጽሪ ተሌፎን 022 304 57 70 ክርከብ ይከኣል)።

## መዓልትታት ዕረፍቲ

ዓመተ-ትምህርቲ፡ 19 ነሓሰ 2024 ጀሚሩ፡ 27 ሰነ 2025 ይዛዘም። ተማሃሮ፡ ኣብ ወግዓውያን በዓላትን መዓልትታት ዕረፍቲ ትምህርትን ኣይመሃሩን እዮም። ዓውደ-ኣዋርሕ ትምህርቲ፦ ge.ch/vacances-scolaires-jours-feries

| መዓልትታት ዕረፍቲ ትምህርቲ | | | |
|---|---|---|---|
| ጾም ጀነቫ (Geneva Fast)<br>ሓሙስ፡ 05 መስከረም 2024 | መዓልትታት ዕረፍቲ ልደትን ሓድሽ ዓመትን<br>ካብ ሰኑይ 23 ታሕሳስ 2024<br>ክሳዕ ዓርቢ 03 ጥሪ 2025 | መዓልትታት ዕረፍቲ ፋሲጋ<br>ካብ ዓርቢ 18 ሚያዝያ<br>ክሳዕ ዓርቢ 02 ግንቦት 2025 | መዓልቲ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ<br>ሰኑይ 09 ሰነ 2025 |
| መዓልትታት ዕረፍቲ ቀውዒ<br>ካብ ሰኑይ 21 ጥቅምቲ<br>ክሳዕ ዓርቢ 25 ጥቅምቲ 2024 | ናይ ለካቲት መዓልትታት ዕረፍቲ<br>ካብ ሰኑይ 24 ለካቲት<br>ክሳዕ ዓርቢ 28 ለካቲት 2025 | መዓልቲ ዕርገት<br>ሓሙስ 29 ግንቦት<br>ከምኡ'ውን ዓርቢ 30 ግንቦት 2025 | ናይ ክረምቲ መዓልትታት ዕረፍቲ<br>ካብ ሰኑይ 30 ሰነ 2025 |

## ናውቲ ትምህርቲ

ኣገልግሎት ትምህርቲ ካብ ክፍሊት ናጻ እዩ። ንደቕኹም ዘድልይዎም ናውቲ፥ መጻሕፍቲ፡ ርሳሳት፡ መደምሰሳት፡ መጠርነፊታት ወረቓቕቲ ማለት ባይንደራት፡ ጥራውዝቲ ወዘተ ክወሃብዎም እዮም። እዞም ናውቲ ትምህርቲ፡ ብክንክንን ጥንቃቐን ክተሓዙ ይግባእ። ወለዲ፡ ብውልቂ ንዝድልዮም ነገራት ጥራይ (ሽበጥ፡

[1] ቦታ ነባሪነት ናይ ህጻን፣ እንተወሓደ ሓደ ካብ ወለዱ ዝነብረሉ ኣድራሻ ኣብ ግምት ይኣቱ ማለት'ዩ። ሓላፍነት ወላዲ እተሰከሙ ሰባት ምስዘይህልዉ ድማ ሕጋዊ ወኪል ናይ ህጻን ከም ወላዲ ይቝጸር (LIP, art.3)።

[2] ኣብ ደረጃ ትምህርቲ 1P፡ ተማሃሮ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀትሪ ብከፊላዊ ግዜ (part-time) ክመሃሩ ይኽእሉ (LIP፡ ዓንቀጽ.55)። እዚ ምርጫ እዚ፡ ወለዲ ኣብ እዋን ምዝገባ ተማሃራይ ክዛረቡሉ ይግባእ።

ዓፍራዊ መልከዒ ሕብሪ፡ ልብስታት ስፖርት ወዘተ) የማልኡ። መምህራን ደቅኹም ድማ ዝርዝራት ሓበሬታ ክህብኹም እዮም።

### ምስ ስእሊ ዝተኣሳሰር መሰል

ውሕስነት ኣሳእል ተማሃሮ ብሕጊ እተሓለወ እዩ (ዝምላእ ቅጥዒ ድማ ክወሃበኩም እዩ)።

## ውዳበ ቤት-ትምህርቲ

### ንተማሃሮ ኣገልግሎት ዝህባ ጉጅለታት ሞያውያን

ኣብ ዝተፈላለዩ ሸነኻት ትምህርታዊ ህይወት ተማሃሮ ደገፍ ዝገብሩ ኣባላት ጉጅለ ሞያውያን፡ ብሓባር ይሰርሑ እዮም።

ሓላፍነት ክፍሊ ዝወስድ ፍሉይ መምህር ስለዘሎ፡ ምስ ኩነታት ትምህርቲ ደቅኹም ዝተኣሳሰር ዝኾነ ሕቶ ወይ ጠለብ ምስዝህልወኩም፡ ንዕኡ ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ስነ-ጥበብ፡ ስፖርትን ስርዓት ምምሃርን ምስትምሃርን ተኣሳሲሩ ብዛዕባ ዝግበር ደገፍ ድማ፡ ካልኦት መማህራን ድማ ምስ ተማሃሮ ኮይኖም ብሓባር ይሰርሑ እዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ዝሓዘት ጉጅለ (ነርስ፡ በዓል-ፍሉይ-ሞያ መምህር፡ መምህር ወዘተ)፡ ንተማሃሮን ኣብ ምስትምሃር ንዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታትን ደገፍ ትህብ።

ቤት-ትምህርቲ ብርእሰ-መምህር ይምራሕ፣ ከም ምክትል ተጸዋዒ መምህራንን ኣወሃሃዲ ስርዓተትምህርትን ከምኡ'ውን ጸሓፊት ዘጠቓለለት ጉጅለ ምሕደራ ድማ ንዕኡ ትተሓጋገዝ።[3]

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ከም ኣካል ናይ ጥዕናዊ ጉስጓስን ምክልኻልን (መርመራ ዓይንን እዝንን፡ ነጸርታ ሓፈሻዊ ጸገማት ጥዕና፡ ጥዕናዊ ትምህርትን)፡ ሓሓሊፎም ኣገልግሎት ይህቡ እዮም።

## መስርሕ ምስትምሃር

እቶም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝሰላሰሉ ንጥፈታት፡ ኣካል ናይ'ቲ “*Plan d'Etudes Romand* (PER)” ተባሂሉ ብዝፍለጥ  ኣጠቓላሊ ፕሮጀክት ስልጠና እዩ። ናውቲ ትምህርቲ ስዊዘርላንድ (MER)፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ኣብ ኩላቶም ክፍልታት ድሉዋት እዮም። መምህራን ኣብ ርእሲኦም ዝውስኽዎም ካልኦት ቀረባት ከአ ኣለዉ።

ካብ ክፍሊ ወጻኢ ዝሰላሰሉ ንጥፈታት (ናብ ቤት-መዘከር ዝግበሩ ምብጻሓት፡ ናይ በረኻ መገሻታት፡ ኣብ በረኻ ቴንዳ ምትካል ወዘተ) እውን ኣብ መስርሕ ምምሃር ተማሃሮ ናይ ገዛእ-ርእሶም ኣበክቶ ኣለዎም።

መርበብ ሓበሬታ PER ከምኡ'ውን MER፡-
per-mer.ch

ኣብ PER ዝርከብ ሓበሬታዊ ሰነድ፡- edu.ge.ch/qr/per-parents

ናይ መስርሕ ምስትምሃር መርበብ ሓበሬታ መባእታዊ ትምህርቲ፡- edu.ge.ch/enseignement/ep

### ገምጋም ኣገልግሎት ትምህርቲ

ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ምሉእ ዓመት ይግምገም። ስለዚ፡ እቲ ዝካየድ ገምጋም፡ ብዛዕባ ኣካዳምያዊ ኩነታት ደቅኹም ዝምልከት ኣመላኻቲ ሓበሬታ ይህብ።

ኣገባባት ገምጋም፡ ኣብ ግዜ መስርሕ ትምህርቲ ይምዕብሉ። ኣብ ዙርያ መባእታዊ ትምህርቲ (1P-4P)፡ ምዕባለ ተማሃሮ ብመገዲ ዝርዝራውያን ገምጋማት ይዕቀን። ካብ ዙርያ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ (5P-8P) ንደሓር፡ ዓውድታት ትምህርቲ ብመገዲ ዝርዝራዊ ገምጋም ወይ ብውጽኢት ነጥቢ (ካብ 1 ክሳብ 6) ይዕቀን።

ወረቐት **ጸብጻብ ቤት-ትምህርቲ** (*bulletin scolaire*)፡ እቲ ብመልክዕ ጽማቕ ንእተዳለወ ገምጋም ደቅኹም እትፈልጡሉ ወግዓዊ ሰነድ እዩ። ኣብ መወዳእታ ነፍሲ-ወከፍ ሰመስተር ይወሃበኩም። ብመሰረት  **ጸብጻብ ግዴታዊ ትምህርቲ (*livret de scolarité obligatoire* - *LSO*)**፡ ደቅኹም ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ጀኒቫ ንዝገብርዎ ጉዕዞ ዘብርህ ወግዓዊ መወከሲ ሰነድ እዩ።

### ብዛዕባ ኩላቶም ተማሃሮ ዝግደስ ቤት-ትምህርቲ

ተማሃሮ ብመሰረት መሰረታውያን ጠለባቶምን ዓቕምታቶምን ኣብ ኣካዳምያዊ ዓወት ክበጽሑ ምእንቲ ክኽእሉ፡ ቤት-ትምህርቲ ዝኽተሎም እተፈላለዩ ቅጥዕታት ሓገዝ ኣለዉ፦ ንሳቶም ድማ ትምህርታዊ ደገፍ፡ ክትትል ዝግበረሉ ዕዮ ገዛ፡ ሓደስቲ ተማሃሮ ንምቕባል ዝሕግዝ ፍሉይ ትምህርቲ፡ ስጉምትታት ደገፍን ቤት-ትምህርቲ ዝሰርዖም ንጥፈታትን፡ ንትምህርቲ ዚጥዕም ለውጥታት፡ ፍሉይ ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ ፕሮግራም ትምህርቲ ስፖርትን ስነ-ጥበብን፡ ከምኡ'ውን ብምኽንያት ዕድመ ዝወሃብ ሕድገት እዮም።

ኣብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡- edu.ge.ch/primaire (Enseignement - Corps enseignant, Soutiens et aménagements scolaires ዝብል ክፋል)፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ “*l'école soutient votre enfant ?*” ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ጽሑፍ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡- ge.ch/document/comment-ecole-soutient-votre-enfant

[3] ኣብ ደረጃ ትምህርቲ 1P፡ ተማሃሮ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀትሪ ብከፊላዊ ግዜ/part-time ክመሃሩ ይኽእሉ (LIP፡ ዓንቀጽ.55)። እዚ ምርጫ እዚ፡ ወለዲ ኣብ እዋን ምዝገባ ተማሃራይ ክዛረቡሉ ይግባእ።

# ምትሕግጋዝ ቤት-ትምህርትን ስድራ-ቤታትን

ተልእኾ ቤት-ትምህርቲ፥ ስድራ-ቤታት ኣብ ዘካይዳኦም ምስ ትምህርቲ ዝተኣሳሰሩ ጻዕርታት ደገፍ ምሃብ እዩ። ብሓባር ብምዃን፡ ምዕባለ ደቅና ከነረጋግጽ፡ ከምኡ'ውን ንኲነታት ትምህርቶም ሚዛን ከነትሕዞን ብእወታ ክንጸልዎን ንኽእል ኢና።

ሓላፊ ክፍሊ ናይ ደቅኹም፡ እቲ ብዛዕባ ኣካዳምያዊ ኲነታት ደቅኹም ብስሩዕ ዝሕብረኩምን ብዛዕባ ብዙሓት ጉዳያት ትምህርቲ ደቅኹም ዘላዝበኩምን፡ ቀንዲ እትውከስዎ ሰብ እዩ።[4]

ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ ንኸካየዱ ዝተወጠኑ፡ እንተወሓደ ሰለስተ ኣኼባታት ኣለዉ:-

- ቅድሚ ምዝዛም ወርሒ መስከረም ዝካየድ ሓባራዊ ርክብ ወለዲ፡
- ኣብ መንጎ ምዝዛም ወርሒ ጥቅምትን ፈለማ ወርሒ ሕዳርን ዝካየድ ውልቃዊ ርክብ፡
- ኣብ መንጎ ካልኣይ ሰመስተር ዝሰላሰል ኣኼባ ኮይኑ፣ ዝርዝራት ናይ'ዚ ኣኼባ ካብ ሓደ ቤት-ትምህርቲ ናብ ካልእ ዝፈላለ ክኸውን ይኽእል።

ንስኹም ኲኑ መምህር፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣኼባ ንኺካየድ ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ እዚ ድማ ብመገዲ እቲ ደቅኹም ኣብ መጀመርታ ዓመተ-ትምህርቲ ዝወስድዎ መጽሓፍ-ሓበሬታ (handbook) ኣቢሉ ክካየድ ይከኣል እዩ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ፡ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ ዝርርብ ዝሕግዙኹም ክኢላታት ምስትርጓም ከምዝህልዉ ክገብር ይከኣል እዩ።

መጽሓፍ-ሓበሬታ ተማሃራይ ከምኡ'ውን ኣብ መምርሒታት ቤት ትምህርቲ ምርኩስ ብምግባር ዝተዳለወ ወለዲ ምስ መምህራን ሓበሬታ ዝለዋወጡሉ ማህደር፡ ኣብ መንጎ ስድራ-ቤታትን ቤት-ትምህርትን ጽኑዕ ምብህሃላዊ ርክብ ንኽህሉ ናብ ገዛ ብስሩዕ ዝውሰድ እዩ።

## ማሕበራት ወለዲ

ኣብ ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ መንጎ ስድራ-ቤታትን ቤት-ትምህርትን ዝግበር ምብህሃል ዘሐይላ ማሕበራት ወለዲ (APE) ኣለዋ። ምስ ካልኦት ወለዲ ተራኺብኩም ብዛዕባ እተወደበ ንጥፈታት ኣመልኪትኩም ሓበሬታ ክትሰንቁ ምስእትደልዩ፡ ነታ ንውላድኩም እትውክል APE ክትውከስዋ ወይ ክትጽንበርዋ ትኽእሉ ኢኹም።

ፈደረሽን ማሕበራት ወለዲ ንግዴታዊ ትምህርቲ (FAPEO):- fapeo.ch

## ተሳተፍቲ ኣካላት

ኣብ መንጎ ቤት-ትምህርትን መሻርኽቱን ዝግበር ምብህሃል ንምስላጥ፡ ነፍሲወከፍ ትካል ተሳታፊ ኣካል ይመዝዝ። እዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዝርከቡ ብኣማሓዳሪ ኣካል ቤት-ትምህርቲ ዝምርሑ ኣካላት ኮይኖም፡ ንወከልቲ ናይ ዝምልከታ ማሕበራት ወለዲ (APE)፡ ምምሕዳር ከተማ፡ ሕድሕዳዊ-ኮማዊ ማሕበር ንጥፈታት ድሕረ-ትምህርቲ (GIAP)፡ ከምኡ'ውን መማህራን የጠቓልሉ።

ኣብ ውሽጢ ዓመተ-ትምህርቲ ዝካየዱ ኣኼባታት ድማ ሓበሬታን ምኽርን ናይ ምርካብ ዕድል ዝፈጥሩ ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ንቤት-ትምህርትን ኣከባቢኡን ብዝምልከት እማመታት (proposals) ንምቕራብ ሓገዝቲ እዮም።

ኣብ ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ ዝርከብ ሓበሬታ:- edu.ge.ch/primaire (Vie & Règles de l'école - Instances participatives ዝብል ክፋል)

## ናይ መበቆላዊ ቋንቋን ባህልን (LCO) ትምህርቲ

ዝተፈላለያ ቆንስላትን ማሕበራትን ናይ መበቆላዊ ቋንቋን ባህልን (LCO) ትምህርቲ ይህባ እየን። እዚ ትምህርቲ እዚ ተመዝጊብካ ዝወሃብ ኰይኑ፡ ዕላማኡ ድማ ተማሃሮ ዝያዳ ልምምድ ቋንቋኦም ክገብሩን ምስ መበቆላዊ ባህሎም ርክብ ክገብሩን እዮም።

ዝርዝር ናይ'ተን ምስ DIP ብቐረባ ዝሰርሓ ትካላት፡ ኣብ ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ " Enseignement " ክርከብ ይከኣል:- edu.ge.ch/qr/lco

---

4 ብዘይካ'ዚ፡ ወለዲ፡ ንጉዕዞ ትምህርቲ ናይ ደቆም ዝጸሉ ኣገዳሲ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳዱ፡ ርእይቶኦም ይስማዕ እዩ።

# ሌላ ምስ 1P

ኣብዚ ገጻት ሰፈሩ ዝርከብ ጽሑፍ፡ ብዛዕባ “ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ናይ 1P ክፍሊ” ንዝብል ቪድዮ ደገፍ ዚህብ እዩ
edu.ge.ch/qr/bienvenue

ደቅና ናብ መባእታዊ ትምህርቲ ምእታዎም፡ ኣብ መላእ ስድራ-ቤት ለውጢ ዘምጽእ ኣገዳሲ ተመኵሮኣዊ ስጉምቲ እዩ። ትምህርቲ ንምቕሳም ናብ ክፍሊ ብህንጡይነት ንኽመጹ ኩልና ሓቢርና ክንተባብዖም ንኽእል ኢና።

ዕላማ ናይ’ዞም ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ትምህርቲ (1P ከምኡ’ውን 2P) ንነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ሓንጐፋይ ኢልና ንኽንቅበሎን ንኽንሕግዞን፣ ናይ ዝርርብ ቋንቋ (ናይ ምርዳእን ምግላጽን ክእለታት) ንኽማዕብሉ፡ ከምኡ’ውን ብመገዲ ጸወታ፡ ቀለልቲ ግድላት ብምፍታሕ፡ ልምምድ ብምግባር፡ ዝተማሃርዎ ትምህርቲ ንኽዝክሩ ወዘተ እዩ።

ከም ቅድመ-ኵነታት ዝውሰዱ ረቛሒታት ኣካዳምያዊ ትምህርቲ የለዉን። ስድራ-ቤታት ድማ ደቀን ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሮም ብፍሉይ ሞያ ከሰልጥናኦም ትጽቢት ኣይግበረለንን እዩ።

ቆልዑ፡ ብመምህራኖምን እናተሓገዙን ምስ ደቂ-ክፍሎም እናተዋስኡን፡ ነዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዝርከቡ ነገራት ከተግብሩ ክኽእሉ እዮም፡-

- ሓድሽ ሃዋሁ ትምህርቲ ክረኽቡን ብኸመይ ከምዝሰርሑ ክፈልጡን፡
- ልቦም ንኻልኦት ሰባት ክኸፍቱ፡ ከምኡ’ውን ምስ ኣባላት ክፍሎምን ቤት-ትምህርቶምን ክዋስኡ፡
- ብዛዕባ ኣድህቦ መምህር ዚምልከት ንኻልኦት ተማሃሮ ብኸመይ ከምዘካፍሉ ክፈልጡ፡
- ብመገዲ ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ተመኵሮታትን ኣቢሎም ሓድሽ ፍልጠትን ክእለትን ከማዕብሉ።

ናብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ብርእሰ-ተኣማንነት ክኣትዉ ምእንቲ ክኽእሉ፡ ደቅኹም ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቶም፡ ርእሶም እናኸኣሉ ምእንቲ ክኸዱ ከተተባብዕዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ደቅኹም፡ ኣብ መላእ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኦም፡ ብመማህራን ክሕገዙ ስለዝኾኑ፡ ምስ መማህራኖም ብቐረባ ክትሰርሑ ኢኹም። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ድማ እትተሓጋገዝ ጕጅለ ሞያውያን (እንተላይ ርእሰ-መምህር፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተሓጋገዙ መምህራን፡ ሰብ-ፍሉይ-ሞያ መምህራን፡ መምህራን፡ ነርሳት ዝሓዘት) ክትህሉ እያ።

**ኣብ’ዞም ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ትምህርቲ፡ ኣካይዳ መስርሕ ምምሃር፡ ብቐዳምነት፡ ኣብ’ዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ዘተኰረ እዩ፡-**

- **ብጕጅለ ንምምሃር ዝሕግዝ ማሕበራዊ ምትሕውዋስ፡-** ደቅኹም ንጥፈታት ክፍሊ ምክትታልን ምኽባር ሕጋጋት ቤት-ትምህርትን (ምኽባር ቀይድታት ሜዳ ጸወታ፡ ንኻልኦት ሰባት ኣብ ግምት ምእታው፡ ሪጋኻ ምጽባይ ወዘተ) ክመሃሩ ይኽእሉ።
- **ንዓለም ንርድእዋ ዘኽእሎም ፍልጠት ምድላብ፡-** ማለት ኣብ ውጥን d'Etudes Romand (PER) እተመርኰሱ፡ ንዝተፈላለዩ ዓውደ-ሞያታት ዝድህስሱ ኣርእስትታትን ንጥፈታትን ምክያድ እዩ።
- **ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ተግባር ምውዓል፡-** በሪ ፍልጠት፡ ክእለታትን ኣመለኻኽታታት (ጽን ምባል፡ ምትሕብባር፡ ርእይቶ ምሃብ፡ ኣድህቦ ምግባር፡ ብኣእምሮኻ ምዝካር፡ ውጥን ምውጻእ፡ ኣብ ኣፈታትሓ ግድል ልክዕ ስትራተጂ ምምራጽ ወዘተ)ን ንምርሓው እዩ።

**ኣብ ምሉእ መዓልቲ ትምህርቲ ዝትግበሩ እተፈላለዩ ኣገባባት ትምህርቲኣለዉ፤ ንኣብነት፡-**

- ትምህርቲ ዚህብን ክእለታት መሃዚነት፡ ምትሕብባር፡ ምብህሃል ዘተባብዕን ምስ ኵነታት ዚኸይድ ባህሪ ከምዘጥርዩ ዝገብርን ናይ ጸወታ ክፍላተ-ግዜ።
- ቋንቋ ናይ ምምዕባል፡ መብርሂ ናይ ምሃብ፡ ግርጭታት ናይ ምፍታሕ፡ ንኻልኦት ጽን ናይ ምባልን ካልኦት ርእይቶታት ኣብ ግምት ናይ ምእታውን ክእለት ዘማዕብሉ ሓድሕዳውያን ምውሳኣት።
- ምስ መምህራንን ደቂ-ክፍልን ብምውሳእ ሓድሽ ፍልጠት ዘስንቑ ንጥፈታት ዳህሳስ።
- ጥሙር ምህሮኣዊ ፍልጠት ኣብ ምርካብን ርእስኻ ኣብ ምኽኣልን (ብውልቂ፡ ብመልክዕ ንኡስ-ጕጅለ ወዘተ ቀለልቲ መምርሒታት ከተተግብር ምኽኣል) ሓገዝቲ ዝኾኑ ንጥፈታት ስልጠና።

መዓልታዊ ንጥፈታት ኣብ ውሽጢ ክፍልን ካልኦት ቦታታት ናይ ቤት-ትምህርትን ዝሰላሰሉ ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ወጻኢ እውን ክካየዱ ይኽእሉ (እንተላይ ኣብ ኣዳራሻት ጸወታ፡ ጂምናዝዩም፡ ዕጹዋት መሐምበሲታት፡ ኣብያተ-ንባብ፡ ሜዳታት፡ ቦታታት ተዋስኦ፡ ኣብያተ-መዘክርን መናፈሲ ቦታታትን ዘጠቓልሉ እዮም)።

## ቅድሚ ምጅማር ዓመት-ትምህርቲ ክውሰዱ ዘለዎም ዝስዕቡ ስጉምትታት፡-

- ብመገዲ ፕላትሮርም my.giap.ch ብGIAP ንዝካየድ ንጥፈታት ድሕረ-ትምህርቲ ዝግበር ምዝገባ (ንወግዓውያን መዓልትታት ምዝገባን ካልኦት ጉዳያትን ዝምልከት ሓበሬታ፡ ኣብ giap.ch ወይ ብቐጻሪ ተሌፎን 022 304 57 70 ብምድዋል ክርከብ ይከኣል)
- ኣብ ሓያሎ ምምሕዳራት ከተማ፡- ደገፍ ንቆልዑን ወለድን (ንኣብነት፡- *ኣብ ቤት-ትምህርቲ ብቐጻበት ዝወሃብ!* ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ውህደትን ዜግነትን፡- bientotalecole.ge.ch)
- ሓበሬታ ዝወሃበሉ ክፍለ-ግዜ፡ ናብ ክፍሊ ዝግበሩ ምብጻሓት ወዘተ (ብመሰረት መምርሒታት ነነፍስ-ወከፍ ቤት-ትምህርቲ)
- ኣብ ውሽጢ ሓምለ፡- ብዛዕባ ምጅማር ዓመት-ትምህርቲ ዝምልከት ሓበሬታ ዘ.ህብ ደብዳቤ (ግብራዊ ሓበሬታ)

*ቅድሚ ምጅማር ዓመት-ትምህርቲ ቦታ ምስእትቕይሩ፡ ንምምሕዳር ናይ'ቲ ውላድኩም ዘመዝገብኩምሉ ቤት-ትምህርቲ ክትሕብሩ ይግባእ።*

Département de l'instruction publique, de la formation et de la jeunesse
Direction générale de l'enseignement obligatoire
Service enseignement et évaluation
Chemin de l'Écho 5A • 1213 Onex • ge.ch